# ብኸመይ ንሕግዘኩም

October 2011

5 Cadogan Square
Glasgow
G2 7PH
ስ.ቁ፡ **0800 085 6087** (ካብ ናይ ገዛ ስልኪ እምበር ካብ ሞባይል ምድዋል ናጻ ኣይኮነን)
መርበብ ሓበሬታ፡ [www.scottishrefugeecouncil.org.uk](http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk)

**Completed by Scottish Refugee Council adviser:**

**Your name:**

**Scottish Refugee Council reference**

**NASS or Home Office reference:**

## ናይ ስራሕ ሰዓታት

ሰኑይ፡ ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ከምእውን ዓርቢ
ብዘይ ቆጸራ ዝወሃብ ምኽሪ 9:30 – 12:30

ሰኑስ፣ ሰሉስ፣ ረቡዕ ከምእውን ዓርቢ
ቆጸራ ብምሓዝ ጥራይ ዝወሃብ ምኽሪ 14:00 – 16:00

## መን ኢና?

ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ንኣብ ስኮትላንድ ውቅባ ዝሓቱ ስደተኛታትን ምኽሪ፣ ሓበሬታ ከምእውን ሓገዝ ዝህብ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ።

**ናይ ዓዲ እንግሊዝ መንግስቲ ወይድማ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ሰራሕተኛታት ኣካል ኣይኮንናን፡**

**ኣገዳሲ፡** እዚ ሓጽእር ጽሑፍዚ፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ስደታኛታ ዝተወሃበኩም ወረቓቕቲ (IND) ከምእውን ካልእ ምስ ጉዳይኩም ዝተኣሳሰር ሰነድ ናይ ቤት ጽሕፈትና ሒዝኹሞ ምጹ። ንኽንሕግዘኩም ክሕግዘና እዩ።

## ርእይቶ ወይ ጥርዓን

እትሕብዎ ርእይቶ ጠቓሚ እዩ። እቲ እንህቦ ኣገልግሎታት ምምሕያሽ ምእንቲ ክንቅጽል ምእንቲ ብኽብረትኩም ነዚ መሕትት እዚ ምልእዎ። ኣብዚ መሕትት ዝምኩም ምጥቃስ ኣየድልየኩምን እዩ።

ጥርዓን እንተደኣ ከተቕርቡ ደሊኹም፡ ንሓደ ካብ ኣማኸርትና ኣዘራረቡ ወይድማ ኣብቲ ቤት ጽሕፈትና ዘሎ ናይ ጥርዓን ፎርም ምልኡ።

ርእይቶ ይኹን ናይ ጥርዓን ዝተመልኡ ፎርምታት ናይ ቤት ጽሕፈትና ከተምጽእዎም ወይድማ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ዘሎ ናይ ርእይቶ ሳጹን ከተእትውዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ከምእውን ጥርዓንኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን ኮሚሽነር (OISC) ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ [http://www.oisc.gov.uk/](http://www.oisc.gov.uk/)

## How to find us?




Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH
ስ.ቁ፡ 0141 248 9799 ፋክስ፡0141 243 2499, **[www.scottishrefugeecouncil.org.uk](http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk)** ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ፡ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግበረሰናይ ማሕበር እዩ።
ቁጽሪ መዝገብ፡ SC008639 OISC መወከሲ፡ N2000100084

## ብኽመይ ንሕግዘኩም

ዝተፈላለየ ባህርይ ዘልዎም ሰባት ንቕበል፤ ከምእውን ንኹሉ ሰብ ብኣኽብሮት ብሓደ ዓይኒ ንርኢ።

ንኣባላት ሰራሕተኛታትናን ነቶም ቤት ጽሕፈትና ዝጥቀሙ ሰባትን ውሕስነት ዘለዎን ስኽፍታ ዘይብሉን ከባቢን ኩነታትን ነቕርብ።

ብዛዕባ ናይ ዑቕባ መስርሕ፣ ናይ ዑቕባ ሓገዝ ምርካብ (ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝን መንበሪ ኣባይትን)፣ ኣብ ስኮትላንድ ምንባርን ከምእውን ካልእ ምስ ዑቕባ ዝተኣሳሰር ጉዳያትን ብዝምልከት ምክሪ ንህብ። ናብ ካልኦት ብዝበለጸ ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ማሕበራት ንልእኸኩም።

ምስ ወዲተባዕታይ ወይድማ ጓል ኣንስተይቲ ወሃብ ምኽሪ ወይ ኣስተርጓሚ ክነዳልወልኩም ንኽእል። **ቤት ጽሕፈትና ኣዝዩ ጽዑቕ ስራሕ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ንኹሉ ሰብ ምሕጋዝ ምእንቲ ክከኣል፡ ምትኽብባርኩም የድልየና።**

### ከምዚ ዝስዕብ ክንገብር ከምዘይንኽእል ኣስተውዕሉ፥

- ኣብቲ እተቕርብዎ ሕቶ ዑቕባ፡ ክንውክለኩም ኣይንኽእልን ኢና። ብቑዕ ኣማኻሪ ኢሚግሬሽን ጥራይ'ዩ ነዚ ክገብር ዝኽእል። ኮይኑ ግን፡ ብቑዕ ሕጋዊ ወኪል ንኽትረኽቡን ክትውከሱን ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።
- መንበሪ ገዛ ክንህበኩም ዘይንኽእል እኳ እንተኾንና፡ ነቲ ክትረኽብዎ መሰል ዘለኩም መንበሪ ገዛ ንኽትረኽቡ ኣብ ምምልካት ግን ንሕግዘኩም ኢና።
- ብጉዳይ ስደተኛታ ወይድማ ካልእ ኣካል ዝተገብረ ውሳነ ኣብ ምቕያር።

### ኣስተርጕምቲ

- ኣዕሩኽ ወይ ቤተሰብ ንኽትርጉሙ ኽመጹ፡ ብፍጹም ኣይነተባብዕን ኢና።
- ኣድላዪ ምስዝኸውን፡ ኣስተርጓሚ ክንሕዘልኩምን ናይቲ ዘጥፍኦ ግዜ ክንከፍልን ኢና
- ናብ ቆጸራኹም ክትመጹ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም፡ ንኽተሰርዝዎ ብኽብረትኩም ደውሉልና። ድሩት ዝኾነ ዓቕሚ ፋይናንስ ዘለና ናይ ግበርሰናይ ማሕበር ኢና። እንተኾነ ግና፡ ናብ ቆጸራኹም እንተደኣ ደንጒኹም ወይ ዘይመጻእኩም፡ ነቲ ኣስተርጓሚ ናይ ግድን ክንከፍሎ ይግበኣና።
- ምስቲ እነቕርቦ ኣስተርጓሚ ጸገማት እንተልይኩም፡ ሓብሩና። .

### ቆልዑ

- ቆልዑ ናብ ቤት ጽሕፈትና ክመጹ ይኽእሉ እዮም፡ ግናከ፡ ምሳኹም እንተደኣ ዘየለዉ ምስቲ ኣማኻሪ ምዝርራብ ይቐለልኩም ይኸውን።
- ምስቲ ኣማኻሪ ኣብ እትዘራረብሉ ግዜ፡ ቀድኹም ክንኣልየኩም ኣይንኽእልን ኢና። ኣብ ዝኾነ እዋን ቀድኹም ናትኩም ሓላፍነት እዮም።
- ኣብ ቤት ጽሕፈትና ህጻናት ዝቕይርሉ መሳለጥያታት ኣሎና።

## ብኸመይ ናይ ኣገልግሎታትና ተጠቀምቲ ትኾኑ

### ብዘይ ቆጸራ ዝወሃብ ምኽሪ

- ቆጸራ ከይሓዝኩም እንተደኣ ናይ ቤት ጽሕፈትና መጽእኩም፡ እሞ እንተደኣ ህጹጽ ጉዳይ ኮይኑ፡ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ከነአንግደኩም ንኽእል ኢና፡ እንተኾነ ግና ቁሩብ ትጽበዩ ትኾኑ።
- ነፍሲ ወከፍ ጉዳይ ፍሉይ ስለስኾነ ገለገለ ካብቲ ካልእ ዝያዳ ህጹጽ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ድማ ሓደሓደ ድሕሬኹም ዝመጹ ሰባት ቅድሜኹም ክእንገዱ ይኽእሉ እዮም።
- ቆጸራ ከይወሃበኩም ወይድማ ከይትእንገዱ ትኽእሉ ኢኹም– ስለዝኾነ ድማ እቲ እንህቦ ሓበረታት እንታይ ምዃኑ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ።

### ናይ ጉጅለ ሓበሬታ ሰሚናራት

- ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕቶ መስርሕ፣ ክትረኽብዎም እንትኽእሉ ሓገዛት፣ መሰላትኩምን ሓለፋታትኩምን ከምእውን ነዞም ነገራት እዚኣቶም ንምርካብ ብኸመይ ከተመልክቱ ከምእትኽእሉ ሓበሬታ ብምርካብ ኣብቲ ናጻ ናይ ጉጅለ ሓበሬታ ሰሚናር ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም።
- ሰሚናራት ሕቶታት ንምምላስን ሽግራት ንምፍታሕን ዝዓለሙ ክኾኑ እንከለዉ፤ ቆጸራ ቅድሚ ምውሃብና ኣብ ሓደ ካብዞም ሰሚናራት ክትሳተፉ ይግባእ።
- ናይ ሰሚናር ቦታ ንምሓዝ ንሓደ ካብ ኣባላትና ኣዘራርቡ ወይድማ በዚ ስልኪ ቁጽሪ እዚ ደውሉ 0800 085 6087 (ካብ ናይ ገዛ ስልኪ ምድዋል ናጻ ክኸውን እንከሎ ካብ ሞባይል ግና ናጻ ኣይኮነን)

### ቆጸራታት

- ምስ ኣማኻሪ ንምዝርራብ ቆጸራ ክትሕዙ ይግባእ።
- ቆጸራ ንምሓዝ በዚ ስልኪ ቁጽሪ ናብቲ ናይ ምኽሪ መስመር ድውሉ፡ 0800 085 6087 (ካብ ናይ ገዛ ስልኪ ምድዋል ናጻ ክኸውን እንከሎ ካብ ሞባይል ግና ናጻ ኣይኮነን)
- ኣብ ቆጸራኹም ኣብ ግዜ ተረኸቡ። ትድንጉዩ እንተደኣ ኰንኩም፡ ከነአንግደኩም ኣይንኽእልን ንኸውን ከምእውን ንኻልእ መዓልቲ ቆጸራ ክንህበኩም ኣይንኽእልን ንኸውን።

### ቅቡል ተግባር

- ሓደሓደ ነገራት ዘደናግሩን ዘጨንቑን ክኾኑ ከምዝኽእሉ ንርዳእ ኢና። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታትና ወይ ዓማዊልና፡ ዝኾነ ዓይነት ናይ ምጉብዕባዕ ተግባር፣ ምፍርራህ ወይ መጥቃዕቲ ምፍጻም ቅቡል ኣይኮናን።
- ከምዚ ዝበለ ተግባር ምፍጻም ድማ ካብ ቤት ጽሕፈትናን ኣገልግሎታትናን እገዳ ከስዕብ ይኽእል እዩ።